# የወጋ ቢረሳ የተወጋ ኣይረሳምና

ምስላ ኢትዮጵያውያን ከምዝሕብረና፣ ዝወግኤ እንተረስዐ ዝተወግኤ ነይርስዕዩ ነገሩ።

ብተስፋይ ወልደጊዮርጊስ

ኤርትራን ቀይሕ ባሕራን ንምውራር ብዝነበሮም ህርፋንን ዕላማን ገዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ቅድሚ ሃይለስላሴን መንግስቱን ዝነበሩ ከም በዓል ዮውሃንስ፣ ኣሉላ ካብ ትግራይ እዩ ዝጅምር። ልዕሊ ሽሕ ኪሜ ዝንውሕቱ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እናሰሎኹ ምዝራፍ፣ ምስራቕ፣ ንብረት ምዕናው፣ ጥሪት ምዝማት፣ ዘራእቲ ምዕናው፣ ገጠራት ምንዳድ፣ ሂወት ንጹሃን ምሕላፍ፣ ኮታ ኣሎ ዝብሃል ሕማቕን ኣነዋርን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይርሳዕ ኣጸያፊ ታሪኽ እዮም ሰሪሖም። ንኤርትራ ካብ ርሑቕ ኢትዮጵያ መጺኡ ብዝኸፍኤ ኣተሓሕዛ ዝወረራን ግፍዒ ዘውረደላን ኢትዮጵያዊ ኣይነበረን ብዘይካ ስርዓት ወያነ። ማለሊት፣ መለስ፣ ወያነ ትግራይ፣ ከም ኣቦሓጎታቶም ንጥፍኣትና ካብ ምሕላም የዕሪፎም ኣይፈልጡን እዮም። ብፍላይ ናይ ጃንዳ ወያነ ግን ሕሉፍ እዩ።

ኣብዚ ጽሑፍና ናይ ካልኦት ክፍለሃገራት ኢትዮጵያ ከይጸሓፍና ኣብ ናይ ወያነ ትግራይ ጥራይከነድህብ ኢና። ወየንቲ ሕስድናኹም፣ ቅንኡኹም፣ ትንኩልናኹም፣ ሓሶትኩም፣ 3 ዒደር መልሓስኩም ፣ ትማሊ ዝበልኩሞ ሎሚ ኣይበልናዮን ትብሉ፣ ጽባሕ ድማ ዘይትዝክርዎ፣ ድሕሪጽባሕ ድማ ናብቲ ናይ ቀደም ዝበልኩሞ ትምለሱ ኢኹም። ካብ ኩሉ ዝገደደ ድማ ድርቅናኹምን ሓሶትኩምን ዓይኒ ዘውጽእን ብነብሰ ምትሓት ትሳቐዩን ናይ ሰብ ጽቡቕ ዘይትምነዩ ምኹዋንኩም እዩ።

ተጋሩ (ወያንቲ) ከም ኣካል ኢትዮጵያን መጠን ካብ ትፍጠሩ ጊዜ ጀሚርኩም ንኤርትራ ሰላም ሂብኩማ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ነዚ ሰላማውን ምዕቡልን ህዝቢ ኤርትራ፣ በዓል ዓመጽቲ፣ ዘይናቶም ደለይቲ፣ ናይ ቀትሪ ሓለምቲ፣ ሓሳዳት፣ ተኮለኛታት፣ ሓሰውቲ፣ ታሪኽ በረዝቲ፣ እምነት ዘየብሎም፣ ከሓድቲ፣ ጠለምቲ፣ ገበትቲ፣ ብዓብዩ ድማ ከደምቲ ኢኹም ገጢምኩሞ። ሕዝቢ ኤርትራ ግን አዚ ኩሉ እናፈለጠ ቀደም ቀደም ብጥምየት ተሰዲድኩም መጺእኩም ዘዕቆበኩም፣ ናይ ስራሕ ዕድል ኣብ መጉዋሰን ክድምናን ዝፈጠረልኩም፣ ካብ ልመና ክትገላገሉ ነብስኹም ክትክእሉ በለስ ዓርበሮቡዕ ከተውርዱ ዝፈቐደልኩም። ከም ሰብ ክትኮኑ፣ ሓቂ ክትፈትዉ፣ ቅኑዓት ክትኾኑን ዝምሃረኩም እዩ ኔሩ። ወጮ ተገልበጥካዮ ወጮ፣ ሚዒድካዮ ኣይ ልቢ መዊጽካዮ ኣይ ስኒ ስለዝኾነ ግን ካብ ወያነ ዝርከብ ፋይዳ የለን። ዘይትቕየሩን ዘይትምዕብሉን ዘይትምሃሩን ጎረቤት ገጢምኩሞ ንህዝቢ ኤርትራ። ኣቦታትና ካብኣስመራ ንከረን ዝወስድ መንገዲ ልቢ ትግራይ ኢሎም ክጽውዕዎ እንከለዉ ብዘይምኽንያት ኣይነበረን።

ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ህዝባዊ ግንባር ንኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ከውጽእ ኣንጻር ሃይለስላሰን ደርግን ኣመሪካን ራሽያን ካልኦት ሓያላት ሃገራት ኣብ ዝቃለሰሉ ዝነበረ ህሞት ንዓኹም ውን ካብ መግዛእቲ ክትገላገሉ እግሪ ኣትኪሉ፣ ዓሊሙ ኣሰልጢኑ፣ ኣዕጢቑ፣ ጠበንጃከመይ ጌርካ ከምዝትኮስ፣ ሽዳን ክዳንን ከመይ ከም ዝኽደን ሚሂሩ፣ ኣደላዲልኩም።

ከም ሰብ ክትኮኑ ዝጽዓረ ውድብ ህዝባዊ ግንባር እዩ ኔሩ። ልብኹም ብማይ ተሓጺቡ ኣይጸሪሳሙና ተወሲኽዎ ኣይጸፍፍ ስለዝኾነ ግን ውጺኢቱ ጥልመት ኮይኑ ተሪፉ። ጥልመት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብዘይካ ኣብቲ ሜዳ ገና ከይዓኾኽኩም ኣብ ደደቢት ከለኹም እዩ ጀሚርኩም። ህዝባዊ ግንባር ግን ክትስልጥኑን ቃልሲ ክምህሮኩምዩ እናበለ ምስ ኩሉ ጸገማትኩም ሓንጊሩኣሳሊይኩም። ጽንብላሊዕስ

መዓኮራ ዘይከደነት መሬት ከደነት ከምዝብሃል፣ ወየንቲ ኣብ 70 ታት ነብስኹም ክትመርሑ ኣብዘትኽእልሉ ዝነበርኩም እዋን፣ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብሕቶ ዘእተኹም ቃልስና ቁንቁል ኣፉ ክትደፍኡ ተመጣጢርኩም ወያነ ኢኹም ኔርኩም። ብኻልእ ወገን ኣብቲ ጊዜ እቲ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ኣብ ማያትን ወሓይዝን ስምን መርዝን ትንስንሱን ትምርዙን ዝነበርኩም ወያነ ኢኹም ኔርኩም። ምስ ደርጊ ተሓባቢርኩም ንጹሃን ኤርትራውያን ኣደዳ ቤቱ ዘንደድኩም፣ ንማእሰርትን ግፍዕን ሞትን ዘቃላዕኩም ወያነ ኢኹምኔርኩም ። ዝወግአ እንተረስዐ ከመይ ጌሩ እተወግአ ዝርስዕ? ኮታ ኤርትራ ትብሃል ኣጥፊእኩም ህዝባ በታቲንኩም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኩም ኣእቲኹም ንኢትዮጵያ ምዝራፍ ክጥዕመኩምን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ኮይንኩም ክትወጹ ክትብሉ ዘይፈተንኩም ፈተነ ኣይነበረን። ሕማቕ ውጥን ሕማቕ ሕልሚ። ሕማቕ ታሪኽ።

እንተኾነ ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ናይ ቃልሲ ጊዜ ንዘላቒ ሰላም ክብል ንኹሉ ጸገማትኩም ጸይሩ መስመሩ ከይሰሓተን ከይተሓለለን ደጊፍኩም እዩ። ብዘይካ ደርጊ ክድብድቦኩም ብዓይንኹም ሪእኹሞ ዘይፈልጡ ታንክታትን መዳፍዕን ሰሪዑ ህዝባዊ ግንባር ካብ ደደቢት ክሳብ ኣዲስኣበባ 4 ኪሎ ኣብጺሑ፣ መእተዊኡን መውጺኢኡን ዘይትፈልጥዎ ቤትጽሕፈት ቤተመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣረኪብኩም። ከምዚ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ጥልመትን ትንኩልናን ሓሶትን ምሳኹም ምስ ወያነ ስለ እተፈጥረት ንህዝቢ ኤርትራ ጽቡቕ ኣይፈደኹሞን።፣ ልዕሊኣዘሎ ከተውርድ ክትብል ኣብ ቱሽቱሻ ዘሎ ኣውዲቓቶ ከምዝብሃል፣ ብስሰዐ ቀይሕባሕሪ ኢልኩም ሃነፍነፍ ክትብሉ ሓያላት ኮይኑ ተሰሚዕኩም ኔሩ። ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝመንዛዕኩሞ ሃብቲ ከይበላዕኩሞ ሞት ተርክበኩም ኣላ።

ድሕሪ 27 ዓመት ብህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ምስ ኣድመኹም፣ በቲ ዝገበርኩሞ ሕማቕ ታሪኽ ተፈንፊንኩም ከተብቅዑ ዘይምሕፋርኩምን ድርቕ ምባልኩምን ጌጋ ኣብ ልዕሊ ጌጋ ምፍጻምኩም እዩ። ሎሚ ዓቕልኹም ምስ ጸበበኩም ንህዝቢ ኤርትራ ምዝካርኩም ካብጥፍኣትኩም ከገልግለኩም ኣይክእልን እዩ። ኩሉ ፋሕ ምስ በለኩም፣ ህላወኹም ኣብ ዘይተረጋገጽሉ ጊዜ ምስ በጻሕኩምን ሩዕኩም ጠቕሊልኩም ካብ 4 ኪሎ ኣዲስኣበባ ተባረርኩም ኣብ መቐለን ደበቢትን ምስ ተዓሸግኩም ንውዕሎ ህዝባዊ ግንባር ዘኪርኩሞ። ምግልባጥ ስለዘየሕፍረኩም ድማ ግልብጥ ኢልኩም ንሕና ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣሕዋት ኢና ሰላም ኢና ንደሊ ክትብሉ ተሰሚዕኩም። ሎሚ መንዩ ክኣምኖኩምን ክቕበለኩምን? በዚ ትልምኑ በቲ ድማ ግብረሸበራ ከተካይዱ ድሕር ኣይበልኩምን። ካብዛ ዓዘቕቲ መዋጽኦ እንተኽዕነኩም ኢልኩም፣ ድምጺ ትግራይ ትብሃል ፈጢርኩም ንህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ሚድያኹም ቀንዲ ናይ ምድንጋርኩም ሜላ ክትጥቀሙ ምፍታንኩም እዩ። ምሳኹም ምስ ወያነ ኣሸንከዋዶ ኣሕዋት ክትከውን ጎረቤት ኮይንካ ክትነብር እውን ንጋዶ እዩ። ዝከኣል ኔሩ እንተዝኸውን ኤርትራ ካብ ከባቢኹም መርሓቕናያ ኔርና። ብሕጊ ተፈጥሮ እንዶሞ ንቕየድ ኮይና። እታ ሓንቲ ክንገብራ ዘለና በቲ ዓለም ዝምስክሮን ሕጋውን ዶብና ምሕንጻጽ ጥራይ እያ ተዋጽእ። ኣዚ ከተሰናኽሉ ዓሪፍኩም ትም ከምዘይትብሉድማ ፍሉጥ እዩ። ሎሚ ምስ ህዝቢ ኤርትራ የሕዋት ኢና፣ ረሲዕናዮ ኢና፣ ትብሉ ኣበይ ኔርኩም? ነቲ ዝፈነኹሙሉ ወራር ተጻዊሩ፣ ህዝብን መንግስትን ብዓቕልን ምቕሉል ልብን ሰላም ኢሉ ኢዱ ክዝርግሓሎም እንከሎ ኣበይ ኔርኩም ?

ኣብ ክንዲ ዝስተሩ መሊሶም ይግተሩ ከምዝብሃል ትማሊ ትማሊ ብዝገበርኩሞ በደል ምርሳዕኩም እዩ። እቲ ነውራም መለስ ዜናዊ ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለናን ናይ ጸጥታ ሕቶ ከይተላዕለ፣ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ክወጹ እንተወሲኑ ክወጹ ጥራሕ እዩ ዘለዎም። ከይሓፈረ ንሕና ናይ ለባማት ስራሕ ኢና ሰሪሕና ንብል ከብል። ኣየናይ ኤርትራዊ እዩ ሎሚ ክርስዖ? ናብ ሳሕሎም ክንመልሶም ኢና። ኣብኡ ኬድና

ውን ኣይንምሕሮምን ኢና ኢልኩም ዝፈከርኩሞ፡፡ መዓልቲ ነጻነቶም መዓልቲ ሓዘን ክንቅይራ ኢና ሕቖ ህዝቢ ኤርትራ ክንሰብሮኢልኩም 3 ወራራት ከተካይዱ መንዩ ክርስዖ? ኤርትራውያን ሓዳጋት ክንከውን ንኽእል ኢና፡፡ ክንርስዕ ግን ዘይካኣል እዩ፡፡ ከምዚ ናትኩም ኣብ ውሽጢ 27 ዓመት ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰሪቕኩም ሰራሪቕኩም ዘይኮነ፣ ልዕሊ 70 ሽሕ ኤርትራውያን ንዓመታት ብንጽህናን ቅንዕናን ጽዒሮም ዘጥረይዎ ንብረት ከይወገኑ ካብ ስድራቤቱ ፈላሊኹም ብፋሕ ዝበለ መንገዲ በበይኖም ከተባርሩ? ብሰንኪ ግዕዙይ ሕልምኹም ሕልሚ ምግባትን ዘይናትካ ምድላይን፣ ነብሰጾርን ወላድን ኤርትራዊት ኣደ ብማይ ጽምኢ ክትመውት ክትፈርዱ ረሲዕኮሞ ዲኹም? ንሕና ኣይረሳዕናዮን !

ሕልሚ ናይ ብ 70 ታት ዝነበረ ማኖፈስተኹም ዝቖንዓኩም መሲልኩም ዝኣለምኹሞ ገደል ኣእትይኩም ኣሎ፡፡ ሕልምኹም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ገበርትን ሓደግትን ኮይንኩም ስራሕ ክድምና ንምስፍሕፋሕ እዩ ኔሩ፡፡ ወያነ ዝኣመነ ማይ ከም ዝሓቖነ እዩ፡፡ ወያነ ቀንዲ መለለይኹም እምበኣር ክልተ መልሓስ ምዝራብ፣ ምሕሳድ፣ ምውራር፣ ምዝራፍ፣ ምሕሳው፣ ምምኽናይ፣ ሽርሒ፣ ርእሰ ምትሓት፣ ተንኮልን ቅንእን እዩ፡፡ ይብሃል ኢላ ድሙ ተኺሒላ ከምዝብሃል እምበኣር፣ ካብ ርእሰ ምትሓትን ቅንእን ዝተበገሰ፣ ክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኣብ ዑደቱ ናይ ክብሪ ካባ ስለ እተሸለመ፣ ነዚ ንምድልዳል ድማ ከምታ ናቱ ንምግባር ኢልኩም ወየንቲ ንጻጻስ ትግራይ ኣገዲድኩም ንደብረጽዮን ካባ ከምዝኸደን እንተገበርኩም ማዕረ ክንደይ ትሑታት ምኹዋንኩም ዘመላኽት እዩ፡፡ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ስለ ዘይተዋሕጠልኩምን ምጋሽ ናይ ጠቅላይ ሚንስተር ዶክተር ኣቢይ ናብ ኤርትራን ፕረሲደንት ኢሳያስ ናብ ኢትዮጵያን ዝገደደ ወያነ ርእስኹም እዩ ኣሕቢጥኩም፡፡ ካብቲ ካልእ ዘሕፍር ስራሕኩም ድማኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን መጺኡ ዘሎ ሰላም ንሕና ወየንቲ ስለ ዝጸዓርናሉ ኢና ክትብሉ ቅሩብ ሕፍረት ከምዘየብልኩም እዩ፡፡ ኣንጻር ሰላም ዝኾነ ከመይ ጌሩ ንሰላም ክሰርሕ? መንዩኸ ክኣምኖ? ሕገመንግስቲ ተጣሒሱ ክትብሉኸ ኣየሕፍረኩምን ድዩ? ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ ድኣ ወያነ ንኢትዮጵያ ክትበታትኑ እንኮሎኹም እንድዩ ተጣሒሱ፡፡ ዓሻ ዝሃነጾ ለባም ነይነቕሎ ከምዝብሃል፣ ወያነ ፋሕፋሕ ዘበልኩማ ኢትዮጵያ፣ ኢትዮጵያውያን ክጽግንዋ ለይቲ ምስ መዓልትቲ ይጽዕሩ ኣለዉ፡፡ ንኢትዮጵያ ብኹንታላት ዶላርንብርን ክትሰርቁ፣ ነፈርታን መራክባን ክትሸጡ ዘይምሕፋርኩም እዩ፡፡

ኣብ ታሪኽ ሕዝቢ ኤርትራ ወየንቲ ብጽቡቕ ዝልዓል ተዘክሮታት የብልኩም፣ እንትርፎ ይሞንቀሱ ዝብለኩም፡፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ካብኡ ዝገደደ እዩ፡፡ ኣብዚ ውሽጢ 27 ዓመት ንኢትዮጵያ ከም ስጋ ጎዛዚኹም ሰላማዊ ህዝባ ኣብ ነንሓድሕዱ ከምዝናቖት ጌርኩም ዕግርግር የእቲኽምሉ ኣለኹም፡፡ ፋሕፋሕ ክትብል ብምሉእ ሓይልኹም ዝጸዓርኩምወያነዶ ኣይኮንኩምን ? ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ነቕሓልኩም፣ መደናገርቲ ምኹዋንኩም ምስ ፈለጠኩምን ዳውነ ዳውን ወያነ ዳውን ዳውን ወያነ ኢሉ ከባርረኩም መስዋእቲ ከፊሉ፡፡ ዕላማኹም ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ገጽ መሬት ደምሲስኩም ከተረስዕዎን ነበረያ ነበረ ከተብልዎጺዒርኩም ኢኹም፡፡ ሕጂ እንተ ኣምሰልኩም እንተ ተመሻሽነኽኩም ብሕሶት ተጠፍጢፈ ስለ ዝኾነ ዝኣመነኩም የለን፡፡

ብዶብ ባድመ ኣሳቢብኩም ክትወሩ ዝሃቀንኩሞ ከመይ ጌሩ ክርሳዕ? ከምቲ ናይ ወራራትኩምስዕረት ኣብ ዴንሃግ ውን ምስ ተደገመ ዝሓሰኹሞ መንዩ ክርስዖ ? ኣብ መድያ ወጺእኩም፣ ዝደለናዮን ዘይደለናዮን ረኺብና ኣለና ኢልኩም ባድመ ናትኩም ከምዝኾነት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከተደናግርዎ መንዩ ክርስዖ? ምስ ሱዛን ራይዝ፣ ጃንዳይ ፈረዘር፣ ስሚዝ፣ ሹሉ ተደጊፍኩም፣ ብናትኩም ድፍኢትዶ ንእገዳ ክንቃላዕ መንዩ ክርስዖ? ንባዕልኹም ግብረ ሽበራውያን ክነስኹም ንኤርትራ ዝበደለቶ ዘየብላ ሃገረ ግብረሽበራ ተባሂላ ክትውንጀልን እገዳክግበረላን ከሎ መንዩ ክርስዖ? ዝፈሓርኩሞ መቓብር ስውኣትና መንዩ ክርስዖ?

ዝደብደበኩምከተማታትናን ከመይ ጌርና ክንርስዖ? ዶብን ንምክልኻል ሰራዊት ኤርትራ ደምሲሱ ኤርትራምስ ተቖጻጺረ ንኣንስቲ ኤርትራ ክጋሰስ ኢሉ ንወረርቲ ወተሃደራቱ ኮንዶም ሂቡ ዘፋነወ ? ኣብ ኣስመራ ተግንይዎ መካይንን ንብረትን ናይ ዓርስኻትኩም እየን ኢሉ ወትሃደራቱ ዘደናገረን ዝልኣኽን፣ ከመይ ጌርና ክፍኣትኩም ክንርስዖ? ንህዝቢ ኢትዮጵያ ቀይሕባሕሪ ከነምልሰልካ ኢና ወናኒ ዓሰብ ባጽዕን ክትከውን ኢኻ፣ ሻዕብያን ኢሰያስን ንክጸራርጎም ኢና ኢልኩም ኣታሊልኩምዶ ኣይኮነን ምስኪን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ 3 ቲኡ ወራርኩም ኣደዳ ሞት ምምራኽ ዝገበርኩሞ። በዚ ከይኣክል ወራርኩም ብጽንዓት ህዝቢ ኤርትራን ምክልኻሉን ምስ ፈሸለ ከኣ ስነ ኣእምሮኣዊ ወራር ዝፈነኹሞ። ዕልዋ መንግስቲ ከተካይዱ ግብረሸበራውያን ከትስልኹ ፈቲንኩም፣ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ሰራዊት ወያነ ኣዕጢቕኩም ኣብ ኮንፈረስን ፈስቲቫላትን በዓላትን ከምዝርበሽ ዝገበርኩሞ። ዝመንጠልኩሞ ስልማት ኣዴታት፣ ኤምባሲታትና ወሪርኩም። ማሕበረኮማትና ዘንደድኩሞ። ኣብ ጀነቫ ኣንጻር ሰላም ኣብ ጽርግያዝወጻእኩሞ። ብገንዘብ ሕልንኦም ዘዕረቡ ሊኢኽኩም ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ዝመልመልኩሞ።ከምቲ ንኢትዮጵያ ሓማሚስኩም ኣብ ዘይነበራ ሽግር ሸሚምኩም ገዲፍኩማ ዘለኹም ሕልምኹም ንምትግባር፣ ስነጥበኛታት ኤርትራ ምስዳዕ፣ ኣብ ካምፕታት ትግራይ ንመንእሰያትና ብሃይማኖት ብወገን ምፍልላይ ዝመሃረ፣ ባንዴራና ዘንደደ። ማዕሪኡ ድማ ብስምግዑዝያን ኣዋፈርኩም፣ ኤርትራ ኣጥፊእኩም መተካእትኡ ቀይሕባሕሪ ዘለዋ ዓባይ ትግራይ ክሳብ ቤንሻንጉል ክሳብ ዲጋ ኣባይ ዝዝርጋሕ ዶብ ክትፈጥሩ ክትሓልሙ ማዕረ ክንደይ ደናቁር ምዃንኩም ዘረድእ እዩ። እቲ ዝርዝር ነዊሕ ስለዝኾነ ከምይ ጌርና ክንርስዖ? እንተዘይሞይትክ ጥዕና ኣለክን ዝብል ምስላ ኣቦታትና ንዓኹም ዝበቅዕ እዩ። ለባም ሓንሳብ ጥራይ እዩ ብመታለሊ ዝታላል። ወያነ ጸወታኹም ኣብቂዓ እያ። ኢትዮጵያውያን ሓዳስ ኢትዮጵያብዘይ ወያነ ዝምስርትሉ ጊዜ እናቐረበ ይመጽእ ኣሎ።

ወየንቲ ክትፈልጥዎ ዘለኩም ህዝቢ ኤርትራ ናብ ዘበለ የብል ኤርትራውነቱን ጭውነቱን ዘይሓድግ ህዝቢ እዩ። ኤርትራዊ ለባም ምዕቡል ህዝቢ ሃገሩ ኣሕሊፉ ዘይህብ መንእሰይን ህዝብን እዩ። ጥሜትኩም ዘይኣለኹም ንህዝቢ ኤርትራ ንምፍልላይ ኢልኩም ብሚልዮናት ዶላር ብርን እንተ ኣፍሰስኩም ኣየገርምን። ንህዝቢ ትግራይ ዘይትጠቕሙ ጃንዳ ኢኹም። እቲ ዘሕዝን ኣብ ትግራይ ተሓቢእኩም ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘይምውዳቑ ከተውድቕዎ ምፍታንኩም እዩ።

ወየንቲ ንነብስኹም ከም ኢትዮጵያውያን ትሓስብዋ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ንምንታይ ብዛዕባ ጁቡቲ ኣልዒልኩም ዘይትፈልጡ? ንምንታይ ድኣ ንጁቡቲ ክንወራ ኢና ንክግብታ ኢና ኢልኩም ዘይትፈልጡ? ቅድሚ ናብ ፈረንሳ ምሻጣ፣ ጁቡቲ ኢያ እኮ ኣካል ኢትዮጵያ ዝበረት። ንፈረንሳ ስለ ዝፈራህኩም ወይስ ጂቡቲ ካባኹም ሪሒቓ ስለ እትርከብ ዘይደፈርኩም?

ነቲ ክትበልዑን ክትንደላቐቑን ክትብዕልጉን ጽዩፍን ውጉዙን ስራሕ ክትሰርሑ ከለኹም ንህዝቢ ትግራይ ኣበይ ኣለኻ ዘይበልኩም ሕጂ ኣብ ቱሽቱሹ ተሓቢእኩም ኣማውተና ኢልኩም ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተፈላልይዎ ዘለኹም ኣይስቆረኩምን ድዩ? ኣብ ክንዲ ኣብ እግሪ ኢትዮጵያውያን ወዲቕኩም ይቕረ ትሓቱ ገና ንመንግስቲ ኤርትራ ገልቢጥኩም ናብ 4 ኪሎ ክትምለሱ ኢትዮጵያ ዳግማይ ክትወርዋ ትሓልሙ ኣለኹም።

ኣብ መጨረሻ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ መጉሃር እግሪ-መኸል ብዘርኢት ወልደእየሱስ ተጻሒፉ ዘሎ፣ ውጽኢት 2 ይ ወራር ወያነ ኣብ እግሪ-መኸል ክዕዘቡ ካብ ዝመጹ ከምቲ ሓደ ጋዜጠኛ ቃሉ ብቓሉ ከምዝበሎ *„ጎረባብቲ ጽቡቕ ጌርካ ኢኻ ትፋለጥ፣ ጎረቤትኩም ኢትዮጵያ (ተጋሩ ወያነ ማለቱ እዩ) ግና*

ፈጺማ ኣይትፈልጠኩምን እያ“ ኢሉ። ሓቂ እዩ፣ ገና ኣይፈለጥኩምናን ዘይኮነስ ሓሳብና ይሰምረልናዶ ይኸውን ብዝብል ሕልሚ ጌጋታትኩም ክርኣየኩም ብዘይምኻልኩም እዩ። ከምቲ ፕሮፈሰር ዶክተር ጊደዎን ኣባይ „ ኣናፍራ ቆቓሕ ዘይፈልጥ ኣይሃዳናይን “ ዝበሎ፣ ካባይ ተበጊስኩም ኣበይ ትበጽሑ ንኤርትራ ስዉር ኣይኮነን። ከምቲ ሓደ ኢትዮጵያዊ ሽማግለ ሰብኣይ፣ ሻዕብያ፣ ንወያነ ከምታ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዘምጽኣልና ባዕሉ ድማ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኣውጺእልና ኣሎ ኣልሓምዲሉላህ ኢሎም ተዛረብዎ። ናይ ምሕባእ መቐለ ውን ናይ ሰሙናት ሕቶ እዩ።

ወያነ ኣብ ጊዜ ወራርኩም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብጅግንነት ሰራዊት ኤርትራ ባዕሎም ሰራዊትኩም ሰራዊት ወያነ፣ እዚኦም ፍጥረ ሰብ የብሎምን፣ ኣብ ልዕሊ ታንክና ድይቦም ዝዋግኡ እዮም መጺኦምና ዘለዉ ....ኢሎም እናመስከሩ ጌና በቲ ገባቲ ሕልምኹም ዓይንኹም ብዕምቱ እዩ ዘሎ። እንተኾነ ሽዑ ምተመሃርኩም። ድሕሪ ስዕረትኩም ሰላም ሰላም ክትብሉ ኔርኩም። ከም ሕማቕ ተጻዋታይ ካርታ ፣ ካርታኹም ክሳብ ዝውዳእ ተጻቢኹም። ንኽድምና ክትብሉ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምኩሞ በደል ታሪኽኩም ንመጻኢ ወለዶ ኣይርሳዕንእዩ። ኣብ ኣፍደገ ሞት በጺሕኩም እንከለኹም ካብ ታሪኽ ዘይምምሃርኩም ኣየገርምን። ሕገ መንግስቲ ተጣሒሱ እናበልኩም ብዶክተር እቢይ ኣሕመድ ናይ ሰላም ጻውዒት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ክትዕንቅፉ ሂርጊግ ትብሉ ዘለኹም። ንስኹም ዝጻሕተርኩሞ ሓዊ ከጥፍእ እዩ ዝቃለስ ዘሎ።

ትግራይ ዘይትሓቁፍ ኢትዮጵያ ብኡጌራ ትጥፋእ እንዳበልካዶ ፖለቲክ ኣሎ እዩ። ክሳብ ኣብታ ጉድጉዋድ ትኣትዉ እንተ ኺኢልኩም ድማ ግብረሽበራ ምክያድ ጥራይ እያ። ክቡር ፕረሲደንትና ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከምዛ ትንቢት „ወያነ ገይም ኢዝ ኦቨር“ ዝበላ ኮይና። ታሪኽ መለስን ወያነን ኣብ መቐለን ደደቢትን ከምእትውዳእ ኣይትረስዑ። ትግራዋይ እንተጠመየ ይልምነካ፣ እንተ ጸገበ ይኽትረካ፣ ከምዝብሃል ሕጂ ዓቕልኹም ምስ ጸበበኩም ከይሓፈርኩም ንሕና ረሲዕናዮ ኢና ንስኹም ድማ ረስዕዎ ክትብሉ ? ንሕና ኢና እኮ ተበዲልና። ንሕና ኢና ንሓድግን ዘይንሓድግን። ንስኹም ድኣ እንታይ ገዲስኩም! ክፍኣትኩምን ሕስድናኹምን ሕማቕታሪኽኩም ክሽፈነልኩም ትደልዩ እምበር እንታይ ድኣ ትደልዩ? ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዝብል ኣምርኩም ነቲ ዝፈጸምኩሞ ክሕደት ዝሸፍነልኩም መሲልኩም ዶብ ኤርትራ ኢትዮጵያን ዘራኽብ ዛላንበሳን መረብን ተተኸፍተ ህዝቢ ካብቲ ናብዚ፣ ናይ ጽዕነት መካይን እንተ ተንቀሳቐሳኩሉ ጸገም እተፈትሐ መሲልኩም ወያነ። ሕጂኸ እንታይ ክትብሉ ኢኹም? ጉዳይ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኢድ መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን ምኺዋኑ ዝተቐበልኩም ኣይመስለናን።

ኤርትራዊ ሎሚ ዘይኮነ ቀደም ውን ኣብ ጊዜ ሓርነት ዘይተጻዕደን ዘይተሳዕረን፣ እሞ ድማ ኣንጻር ሓያላት ሩስያን ኣመሪካን ገጢሙ ኣብ ሳሕል ብሓዊ ተሳሒሉ ዝወጸ ኢዩ። እገዳን ሽርሕን ተጻዊሩ ዝወጸ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ዓቂቡ መንገዱ ከይሰሓተ ናብ ምዕባሌኡ እዩ ዝምርሽ ዘሎ። ወየንቲ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያ ዝዘረፍኩሞ ንብረትን ገንዘብን መሊስኩም ተምበርኪኽኩም ይቕረታ ትሓትሉ መድረኽ ሕጂ እዩ። ካብ ይቕረ ትሓቱ ግን ሞት ኣብ ደደቢት ትቐርበኩም።

ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ርሑስ ከምዝባሃል፣ ብጥፍኣትኩም ንጹህ ህዝቢ ትግራይን ነቶም ንሓርነት ኤርትራ ክብሉ ኣብ መሬት ኤርትራ ዝወደቑ ስውኣት ተጋሩ እዚ ጽሑፍ ኢዚ ኣይምልከቶምን እዩ።

ሰላም ንህዝቢ ኤርትራ፣ ሰላም ንህዝቢ ኢትዮጵያ !!

ዓወት ንሓፋሽ !!
ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ ዕለት፥ 06.01.2019